# ወያኔን ጥልመታታን።

ቅድሚ ናብምቲ ቀንድ ኣርእስተይ ምእታው፣ ኣንበብቲ ክትርድኡልይ ዝደልዮ ነገር እንተሎ ነዚ “ወያኔን ጥልመታታን” ዝብል ኣርእስቲ ኣልዒለ ክጽሕፍ ከሎኹ፡ ዝነቐጸ በሰላ ንምድማይ ዘይኮነ ንዝነበረ ክውንነት ንምዝማድ እየ። እዚ ምርኩስ ብምግባር ከኣ ጽሑፈይ እጅምር።

ወያኔ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብገዛእቲ ኢትዮጵያ ዝፍጸም ዝነበረ ኣረሜናዊ ፍጻመታት ብብረታዊ ዕጥቂ ንምብዳህ ዝተበገሰ ጉጅለ እዩ ኔሩ። ከም ዕሸል ገድሊ መጠን ብትሑት ፖሎቲካዊ ኣፍልጦን፡ ትሑት ናይ ምምማይ ዓቕምን ማለት ኣብ መንጎ እቶም ገዛእትን ሰፍሕ ህዝቢ ኢትዮጵያን ናይ ፈላሊኻ ምርኣይ ዓቕሚ ኣይነበሮን። በዚ መሰረት ንኹሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከም ጸላእቱ ጌሩ ወሰዶ። ነዚ መበገሲ ሒዙ ንገድሊ ምስ ተሰለፈ፡ ብመጀመሪያ ኣብ ትሕቲ ጽላል (ዑቕባ ) ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ) ተጸጊዑ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ዝወርድ ዝነበረ ስቓይ ተመሳሳሊ ስለ ዝነበረ፡ ተ.ሓ.ኤ. ነዚ ብጭቆና ተሰናቢዱ መሰሉ ብሓይሊ ብረት ከረጋግጽ ዝጀመረ ውድብ ሞራል ብዝመልአ ኣቀባብላ ተቐበለቶ። ምሉእ ምትሕግጋዝ ክትገብረሉ ካኣ መብጽዓ ኣተወትሉ።

እንተኾነ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፡ መበገሲ ወያኔ ጽልኣት ህዝቢ ኢትዮጵያ ዳንበር ፖሎቲካዊ ብስለት ስለ ዘይነበሮ፡ ዓላማኡ ንትግራይ ነጻ (ካብ ኢትዮጵያ ) ንምንጻል ነበረ። ኣብ ብዙሕ ሃተው ቀጠው ክይኣተኹ፡ <u>ወያኔ ንዘኾለሰታ ኢድ ናይምንካስ ብተጋድሎ</u> <u>ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ) እያ ጀሚራቶ።</u> ነቲ ኣብ መንጎ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ህዝባዊ ሓይልታ ሓርነት ኤርትራ ዝነበረ ዘይ ምቕዳው ከም ዝቡቕ ዕድል ተጠቒማ ካብ ተ.ሓ.ኤ ክትርሕቕን ናብ ህ.ሓ.ሓ.ኤ ክትጽጋዕን ጀመረት። ኣብ መጨረስታ ከኣ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝነበራ ዝምድና ፈጺማ ኣቛረጸት።

ወያኔ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ክትጽጋዕ ከላ ንክልቲኣዊ ረብሓ ኢላ ዘይኮነትስ ሕቡእ ኣጀንዳኣ (መደባ) ከተዔውት እዩ ኔሩ። ዝብኢ ክሳብ ዝዳሎ ይሕንክስ ከምዝበሃል፡ ወያኔ'ውን ክሳብ ትደላደል ነዚ ሜላ'ዚ ተጠቒማ ንነዊሕ ግዜ ሰቲራቶ ተጓዕዘት። ብወገን ህዝባዊ ግንባር ንወያኔ ዝተነግራ ነገር እንተነበር፡ ትግራይ ካብ ኢትዮጵያ ዘነጽል ታሪኽ ይኹን ትሕዝቶ ስለ ዘይብላ፡ ቃልሳ ንሓርነት ህዝቢ ኢትዮጵያ ዳኣንበር ንትግራ ምፍላይ ቅቡል ከምዘይ ኮነ ተሓበራ። ወያኔ ግን ኣይ ኣሚና ክትእረም፣ ኣይ ነጺጋ ክትርሕቕ፡ ብዘይ መልሲ ጥምዙሕ ሓሳባ ኣብ ውሽጣ ዓቍራ ክሳብ ህዝባዊ ግንባር ሓንጊሩ ኣብስልጣን ዘቀምጣ ብስቕታ ተጓዕዘት።

ወያኔ ኩሉ ግዜ ክፍእት ቅድሚ ምጅማራ ናይ ክፋት ደገፍቲ እያ ትደሊ። ኩሉ ታሪኻ ዝከታተል ከም ዝፈልጦ፡ ወያኔ ኣልባኒዝም ዝብል መስመር ኢና ንኽተል እያ ትብል ኔይራ። ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ተንኮል ምስ ሓሰበት፡ ኣልባኒዝብ ኣብ ጉሓፍ ደርቢያ ድቕድቕ ናብ ኢምፐርያልም በለት። ንኣሜርካ ጸጊዕ ጌራ ከኣ “ባድመ ናተይ እያ” ብዝብል ሰበብ ኩናት ዶብ ከፈተት። እዚ ከኣ ዳግማይ <u>ማዓር ንሰኾለሰታ ኢድ ነኸሰት።</u>

<u>መዘኻኸሪ፡</u> ( ወያኔ ዘይናታ ሙግባጥ ልማዳ እዩ። ኣብ 1979 ባድመ ከትወርር ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኩናት ፈቲና እያ። ዝወዓለ እንገርካ ከምዝበሃል፡ ተበግሶኣ ብድሮ ብኣባላት ጸጥታ ተ.ሓ.ኤ. ተጸኒዑ ስለ ዝነበረ፡ <u>ነቲ ብለይቲ ከተጥቅዓሉ ዝሓሰበቶ ጎቦ ገምሃሎ ብሳልሰቲ ቦጦሎኒ ናይ ብሪገድ 72 ብለይቲ ተታሒዘ። ብወገን የማን ክንፌ ናይቲ ጎቦ መታን ሶሉዃ ከይትሓልፍ ካላኣይቲ ቦጦሎኒ ብርጌድ 72 ዓጽወቶ።</u> ወያኔ ዝነበራ ግምት ክሳብ ባድመ ትበጽሕ ዘጋጥማ ሽግር ክምዝይህሉ እያ ትሓስብ ኔራ። እንተኾነ ከምቲ ተጠቒሱ ዘሎ 3ይቲ ቦጦሎኒ ብሰላሕታ ነቲ ቀንዲ ድፋዕ ሓዘቶ። ንጉሆ ከባቢ ሰዓት ኣርባዕተ ሰራዊት ወያኔ ብወገን ደቡብ ጎቦ ገምሃሎ ንውግእ ቕድሚ ምጅማሮም ምድላዋት እናገበሩ መምርሒ እናተዋህቦም ከሎ ኣብ ዘይ ሓሰቡዎ ሰዓትን ቦታን ሕጁም ተቀበሎም። ጽዕጹዕ ኩናት ከኣ ኮነ። ክፋል ሰራዊታ በቲ ናይ ካላእይቲ ቦጦሎኒ 2ይቲ ሓይልና ዝነበረቶ ጸልማት ዝፈጠረሮ ሃጓፍ ተጠቒማ ክትሰሉኽ ፈተነት። ግን ከንዮኡ ዘሎ ቦታ ኣስጋኢ ስለ ዝነበረን እታ 1ይቲ ጋንታ ናይ 2ይቲ ሓይሊ ቀልጢፋ ስለ ዝሸፈነቶ ሰራዊት ጃንዳ ንገዛ ተጋሩ ተመልሳ። ሳልሰይቲ ቦጦሎኒ ከም ኣላዳ ከብቱ ኣብሊዑ ወገግ ምስበለ መሬት ኣርሒቑ ዘማዕዱ በዓል ከብቲ፡ ዕማማ ዛዚማ ኣብ ዝነበረቶ ድፋዕ ኮይና ብወገን ጸጋማ ካብ ከባቢ ቢያራ ረዳት ሓይሊ ከይመጻ ተማዕዱ ነበረት።

ውግእ ኣብ ወገን የማን ዘንበለ። ወያኔ ኣብ ገዛ ተጋሩ ዕርዲ ሓዘት። 2ይቲ ቦጦሎኒ ብርጊድ 72 ከኣ ብጎልጎል ገምሓሎ ኩናት ቀጸለት። ብወገን እምነት ተጋድሎ ሓርንርት ኤርትራ ወያኔ ክሳብ ክንድኡ ክዋጋእ ዝኽእል ዓቕሚ ከምዘይነበራ ይግመት፡ ከጽንዓ ዝኽኣለ ገለ ኣሃዱ ህዝባዊ ግንባር ኔረን እበሃል። ዝኾነ ኮይኑ ውግእ እናቐጸለ ጎልጎል ገምሓሎ ብዙሕን ኣዝዩ ነዊሕ ሳዕሪ ስለ ዝነበሮ ሓዊ ተቓጸለ። ነቲ ኩናት ከኣ ኣህድኦ። ሰራዊት ጃንዳ በቲ 3ይቲ ቦጦሎኒ ዘውረደትላ ሃንደበታዊ ህጁም ሬሳታታ ራሕሪሓ ሰሓበት። ጸሓይ ኣብ ምዕራባ ዓዲ ተጋሩ'ውን ባዶ ተረፈት። ) <u>ኣብዚ ሕልሚ ወያኔ ዝነበረ ኣብ ዓዲ ተጋሩ ቖሪሳ፡ ኣብ ባድመ ክትምሳሕ እዩ ኔሩ ሓሳባ፡ ስለዚ እቲ ኣስመራ ቖሪስና ባጽዕ ክንድረር ኢና ዝብል ኣባሃህልኣ፡ ኣስማት ቦታታት ድኣያ ትቐያይር እምበር እቲ ዘይጭበት ሕልምስ መታዓብይታ እዩ።</u> <u>ካብዚ ንግንዘቦ ነገር እንተሎ ስስዔ ወያኔ ካብ ቀደም ከምዝነበረ እዩ።</u>

እቲ ንዘኾለሳ ኣዳው ምንካስ ብኡ ኣየብእዔን። <u>ወያኔ ነቲ ጥሜታ ዝዓንገለ፡ ጎሮርኣ ዘጥለለ፡ ዕርቃና ዝሸፈነ፡ ሕሙማታ ዝኣለየ ኣብ ውሽጢ ጸላእታ ኮይኑ ሓበሬታታት ዘስንቓ ዝነበረ ለዋህ ህዝቢ ኤርትራ'ውን ኣእዳዉ ነኺሳቶ ጥራሕ ዘይኮነስ ደሙ ሰትያ ዓጽሙ ቖርጢማ ንሰናይ ተግባራቱ ብእከይን ጨካንን ተግባር'ያ ፈድያቶ።</u> እብዚ ኣቶኩርና ከነስተብህለሉ ዝግባኣና ነገር ኣሎ። ኩሉ ግዜ ክንጽሕፍ ወይ ክንዛረብ ከሎና ብዛዕባ ህ.ወ.ሓ.ትን. ተንኮላታን ክፍኣታን ዳኣምበር ብዛዕባ ህዝቢ ትግራይ ኣይኮነን። ህዝቢ ትግራይ ካብ ህ.ወ.ሓ.ት. ዝተዋህቦ ገዝሚ ውርደት ጥራሕ'ዩ። ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝፈልን፡ ምስ ጎረባብቱ ብሰላም ንኽነብር ዘየኽእል ጽልኢ ዝፈጥር ጥራሕ እዩ። ወዮ ድኣ ኣብዘይተደለየ ኣንፈት ከይነምርሕ እንበር ንራእሲ ወልደሚካኤል ብመሳፍንቲ ትግራይ ዘጋጠሞን ታርኽ ኩልና ንፈልጦ እንድዩ። ( እንታይ መእተውኻ ኣብ ሰንሰለት ሓልሓል ከሎካ ገፊሕ መረት) ዝበለሎው ዘማራይ ካብ ባዶ ተበጊሱ ኣይኮነን። ዝኣመኑዎ ስለ ዝጠለሞም'ዩ።

ድሕሪ እዚ ኩሉ ተንኮላት ኣሕዋትና እንብሎም ካብኡ ስለ ዘይተማህሩን መሳሪሒ ናይ ካብኦም ዝትሕቱን ብምዃኖም ስለ ዘጉህየና"ዩ። ሕማቕ ንብረት ትጉሕፎ፡ ሕማቕ ሰብ ግን ኣይጉሓፍን'ዩ። ባዕሉ እፈልጥ ኢልካ'ውን ኣይግደፍን እዩ። ( ዓሻ ግርም ኣሎ ዘመድ ዓሻ ከፊኡዎ ኣሎ) ከምዝበሃል ዓሻ ዓሻዩ። ለባም ብዛዕብኡ ከምዝጉሒ ኣይፈልጥን'ዩ። ተመን ከምነክስ እናፈለጥካ ምስኡ ኣይትድቕስን። ኣሕዋትና ከኣ ንተግባራት ወያኔ ከምዘይ ፈልጡ ጸላኢ ጸላኢኻ ዓርክኻ ከምዝበሃል ኣጉል ፍልስፍና ብምኽታል ኣሕዋቶም ገዲፎም ምስ ተመን ክተዓራረኹ 'ዮም መሪጾም።

ኣብዚ ቀንዲ ትኹረት ክዋሃቦ ዝግብኦ ዝብሎ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ግዚኡ ዓበይቲ ካድራት ዝነበሩ፡ እሞኻ ብወያኔ ጣልቓ ብምእታው ከንደይ ንጹሃት ሃገራውያን ተጋደልቲ ሂወቶም ዝሓለፈሉ፡ ሎሚ ተመሊስካ ምስቶም ደም ኣሓትናን ኣሕዋትና ደፍሰሱ፡ ኣብ ኲናት ብህዝባዊ ግንባር ስለ ዝተሰዓርካ ምስ ቀተልትኻ ጸረ ሃገር ደው ምባሎም'ዩ፡፡ ኣብ ዓውዲ ውግእ ትስዕር ወይ ትሳዓር። ነቲ ዘበገስካ ዓላማ ግን ኣንጻሩ ኣይትምክትን። ብእምነተይ ብእምነት ብዙሓት ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ፡ ጅብሃ ብሓይሊ ህዝባዊ ግንባርን ወያኔን ተሳዒራ ዝብል እምንቶ የብለይን። ከስዕራ ዝኸኣለ ውሽጣዊ ሽግራታ'ዩ። ገረብ ዱማ ኣቕጽልቱ ልሙዕ ሂወት ዘለዎ ከመስል ብውሽቱ ቦኽቢኹ ኣብዘይ ገመትካዮ ግዜ ረማዕ ኢሉ ትረኽቦ። ሽግር ተ.ሓ ኤ. ከኣ ኮምኡ'ዩ ኾይኑ። ኣብዚ ዘይሰማማዕ ተጋዳላይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ነበር ኣሎ ኢለ ኣይኣምንን። "ኣሕዋት ደም ይፋሰሱ፡ ጡብ ኣደኦም ከኣ ይዓርቕም" ዝበሃል ለባም ቢሂል በቦታትና ዝጸንሔ ኣሎ፡፡

ሕጂውን ዝኾነ ኣብ ጽሑፈይ ዝህቦ ርእይቶ ጽልኢ ውልቀሰባት ወይ ማሕበራት ከምዘይኮነ እሕብር። ሓሳበይ ወይ ተቓውሞይ ኣብ ዘቐርብኦ ሓሳባትን ተግባራትን እዩ። ኩለን ተቓወምቲ ዝብላ ጉጅልታት ንህዝቢ ኤርትራ ሓለይቲ ኮይነን እየን ዝምድራ። ምእንቲ ህዝቢ ምሕላይ ከም ኣባሃህላ ሰናይ"ዩ። ተግባር ምስ ዘይህልዎ ግን ሓደገኛ'ዩ። ባዕዳውያን ገዛእትናን ተጻባእትናን'ውን ኮምኡ'ዮም ዝብሉ ኔሮም። ባርባሪያዊ ስርዓት መንግስቱ ማዕርነት ህዝቢ ክሕሎ " <u>መሬት ላራሸው</u>" እናበለ ከሎ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ማዓልቲ ሰባት ይርሽን ኔሩ። ወያኔ "<u>እንቋዕ ላትኹም ኮና፣ እንቋ ኣማዕዲና ልርኤኩም ኣይኾናይ፣ እንቋ ላይዳማንት ኣኾይናይ</u>" ዝብል ከም ኣባሃህላ ቁዱስ እዩ። ኣብ ተግባር እንተሪኢኻ ግን ብኣንጻሩ ዓማጺ ግፍዔኛ ኮይኑ ትረኽቦ። ቢሂል ብዘይ ተግባር ትርጉሙ ኣልቦ ጥራሕ ዘይኮነ ናይ ሓሶት መብጽዓ እዩ። ካልእኣባላት እዘን ጉጅልርታ እዜን ካብ ሓደ ጉጅለ ናብ ካልእ ምግልባጥ ከም ካምቻታት ምቅያር ኮይኑ። እዚ እንታይ ይሕብር እቲ ጉጅለታት ውጺኢት ኣልቦ ከምዝኾነ የረድእ። ብኻልእ ሸነኹ እንተሪኢኻ እዚ ጉጅለታት'ዚ በቶም ንቡዙሕ ዓመታት ኣብኡ ዝዓሰዉ፡ እሞኻ ብጀካ ዘረባ ቁምነገር ዘይገበረኡ ይምራሕ። ቁምነገር ከይገበሩ ንነብሶም ሃዋርያት ለውጢ ጌሮም የጠምቑዋ። ካብኡ ዝኸፍኤ ብጀካ ሓደ ክልተ ኣቛቑምኤን ከምቲ ኣቛቑማ ዘመነ ክፍልታት (ዘበነ መናጥቕ ) ዝቕማ እየን። መራሕተን መን ምዃኖም ምስ ፈለጥካ ሰዓብተን ንምፍላጥ ኣየጸግመካን።

ኣብዚ ሕጂ ኣብ ከንያ ( ስለምንታይ ኣብ ኢትዮጵያ ከም ልማደን ኣይተጋባኣን ንግዚኡ ምስጢር ይኸውን ወይ ዘይተኻታተልኩዎ እኸውን። ብዙሕ'ውን ኣገግድሰንን'ውን ) ዝነበረ ቁጽሪ ተጋባኣቲ ከም ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝረኤኹዎ 32 ሰባት፡ ኣብ ክልተ ማዕረ ዝተመቕለ፡ 16 ሓደ ሃይማኖ ዝኣምኑ፡ እቶም ካልእ ክፋል 16 ካልእ ሃይማኖት ዝኣምኑ'ዩ። ዲሞክራስነት ንምሕላው ደኾን ይኸውን? እንተ ኾይኑ ዲሞክራሲ ቁልቁል ኣፋ ተደፊኣ ማለት'ዩ። ወይስ ናይ ኣጋጣሚ? ዝኾነ ኾይኑ እንታይ'ዩ ብዘለርዎ መልክዕን፡ ኣቓውማን፡ ተግባራት ውጽኢተ ኣልቦ ኣብ ልዕሊ ምኻኑ ሕማቕ መንጸብረቕታ ዘተሓላልፍ ኣኼባ ምንባሩ ይሕብር። ንሓሳበይ ብዓይኒ ጸልኢ ከይትራዩዎ ኣቕድም ኣቢለ ገሊጸ ጸኒሔ። ከም ርእይቶይ ኩሉም እቶም ንብዙሕ ዓመታት ብዘይ ፍረ ዝጸናሕኩም ነቶም መንእሰያት ፈተውቲ ሃገሮም፡ ንስኻትኩም ኣብ ግዜ ወራር ወያኔ ምስኦ ጠጠው ዝበልኩም ኢኹም፡፡ መንእሰያትና ከኣ ሃገር ልእላውነታ ክሕሎ ከይትድፈር ሂወቶም ዝኸፈሉን፡ ንኽኸፍሉ ድልዋት ዝነበሩን ግደፉሎም። ዝነቐጸ ጉንዲ ጥሉል ጨንፈር የቡሉን። ከውጽእ'ውን ኣይክእልን። ብኣኹም ዝመጽእ ለውጢ ንጥፍኣት ዝወስድ እንተዘይኮኑ ልምዓት ከምጽእ ከምዘይክእል ንዘሕለፍኩሞን ሕጂ ተሕልፍዎ ዘሎኹም ግዜ ብሕትው እልኩም እንተ ገምጊምኩሞ እቲ ውጺኢት ካብ ካልእ እይትጸበዩዎ። ባዕሉኩም መልሱ ከትረኽቡዎ ኢኹም።

ምስ መን ከምትኸይድ ንገረኒ'ሞ መን ምዃንካ ክነግረካ። ብሓቂ ልቦና ዝመልእ ኣባሃህላ። ምስ ሰራቒ ዝኸይድ ሰራቒ ናይ ምዃን ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ'ዩ። ምስ ዓማጺ'ውን ከምኡ። ምስ ጠላም ዝኸይድን፡ ጠላም ዝቶኾብሉን ( ብሓሳብ፡ ብገንዘብ ፡ብንብረት፡ ወዘተ.... ) ኣብ ጠላም ዝጽጋዕን ብልክዕ ጥልመት'ዩ ዝመሃር። ህዝባዊ ወያኔ ሓርነት ትግራይ ( ህ.ወ.ሓ.ት,) ዝፍጸመቶ ጥልመት በብግዚኣኡን፡ ቦታን ተመልኪታ ኣሎና። ኹሉኹም ኣብ ገድሊ ዝነበርኩም ትፈልጡዎ ኢኹም። ኣብ ነፍስኹም ዝተፈጸመ ከኣ'ዩ። ሕጂ ናይ ንስሓ ዕድመ ድኣንበር ናይ ቅርሕንትን፡ ሕማቕ ኣብነት ናይ ምዃን ዕድመ ስለ ዘይኮነ ምንሳሕ ይሕሸኹም፡። ግብረሰናይ ነቶም ኣብ ትሕቲ መሪሕነትኩም፡ ጎኑኹምን ዝነበሩ፡ ምእንቲ ሃገር ዝተሰውኡ ንስድርኦም ዘኽሩ። ትሕግዙ እንተሎኹም ከኣ ቀጽሉዎ። ግዜ ናይ ገዛእ ነብሱ መደብ ስለ ዘለዎ፡ ግዜ ኣሎኒ ዝበሃለሉ ዕድመ የለን።

ዘለእለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ

ገብረንምጉስ መስመር

12/12/2015